## መበል 23 ፈስቲቫል ኤርትራ ጀሚሩ፤
## ንኣባላት ሰልፊ ህዝቢ መግለጺ ተዋሂቡ

### ዜናዊት ጋንታ ካብ ቦታ ፈስቲቫል
08.08.2008

መበልስ 23 ፈስቲቫል ኤርትራ፡ ብ8 ነሓሰ 2008 ኣብ ከተማ ፍራንክፈርት፡ ቦከንሃይመር ቫርተ ኣብ ዝርከብ ዩኒቨርሲቲ ጀሚሩ። ኣብ'ዚ ፈስቲቫል'ዚ፡ ካብ ዝተፈላለየ ኩርንዓት ናይ ዓለም ማለት፡ ካብ ኣውስትራልያ፡ ኣፍሪቃ፡ ሰሜን ኣመሪካን (እንተላይ ካናዳ) ካብ 10 ዘይውሕዳ ሃገራት ኣውሮጳን ይሳተፉ ኣለዉ።

ኮሪደር ናይ'ቲ ዩንቨርሲቲ ኮሪደር፡ ናይ ኣኼባ ኣደራሽን ክሽነን በቲ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ኣልዒልዎ ዘሎ ናይ ለውጢ ጭርሖታት ብሓፈሻ፡ ብዛዕባ'ታ ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት እትመሓደር ዘላ ሃገርና ኤርትራ ክረጋገጽ ዝድለ ዘሎ መስርሕ ዲሞክራስን ለውጥን ድማ ብፍላይ ተሰሊሙ ከንጸባርቕ ይርአ። ኣብ ርእሲ'ዚ ድማ፡ ኣርማ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን ናይ ቀደምን ናይ ሕጅን ሰንደቕ ዓላማታት ኤርትራ ተሰቒሎ ይርከብ።




ብዛዕባ'ቲ ካብ ዕለት 25-30 ሓምለ 2008 ዝተኻየደ መስራትን ቀዳማይን ጉባኤ፡ ንኣባላት ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ (ሰ.ህ.ኤ)፡ ክልተ ሰዓታት ዝወሰደ መብርሂ ብመሪሕነት ሰልፊ ተዋሂብዎም። ኣብ'ዚ ሓጺር ግዜ'ዚ ብብጻይ ወልደሱስ ዓማር፡ ኣቦ መንበር ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተዋህበ መብርሂ ኣብ ዝሓለፈ 2 ዓመታት በቶም ዘይስልክዩ ኣባላት ተሓኤ ሰውራዊ ባይቶ ዝነበሩ ተቓለስቲን ሓደስቲ ሕጹያት ሰልፍን ዝተኻየደ ንጥፈታትን፤ እቶ ኣገደስቲ ኣብ ጉባኤ ዝተላዕሉ ጉዳያትን ዘጠቓለለ መግለጺ ኣቕሪቡ። ከምኡ ውን፡ ካብ ኣኼበኛታት ዝቐረቡ ሕቶታት ብብጻይ ተስፋይ ወልደሚካኤል (ደጊጋ)፡ ሓላፊ ክፍሊ ኣህጉራዊ ዝምድናታት፡ ብብጻይ ኣማኒኤል ሃብተ፡ ሓላፊ ክፍሊ ስርርዕ፡ ብብጻይ ብርሃነ ተስፋጋብር ሓላፊ ክፍሊ ገንዘብን ሕብረተ-ሰብኣዊ ጉዳያት መልስታት ተዋሂቡ። እቲ ኣኼባ ብኣባል ክፍሊ ስርርዕ ዝኾነ ብጻይ ኣሰፋው በርሀ ኢዩ ተሰሪዑን ተመሓዲሩን።



ድሕሪ ድራር ድማ፡ ሑሴን መሓመድ ዓሊ፡ ኢዮብ ሃይለ ካልኦት መንእሰያትን ደረፍትን ሙዚቀኛታት ብዝርከብዎ ናይ ባህሊ ጕጅለ ኣኼበኛታት ክድሰቱ ኣምስዮም።



ከም ዝፍለጥ፡ ዝተፈላለዩ ኤርትራውያን ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታት፡ ጀርመናውያን ዕዱማትን ወከልቲ ሲቪላዊ ማሕበራን መደረታቶም ዘቕርብሉ ዕለት ቀዳም 9 ነሓሰ 2008 ኢዩ። ብድሕር'ዚ፡ "ኤርትራ ናይ ጽባሕ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ፡ ቃል ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ ብኣቦ መንበር ክቐርብ ኢዩ። ከምኡ ውን፡ ኣሳታፊ መንግስቲ ኣብ ናይ ጽባሕ ኤርትራ ብዝብል ኣርእስቲ ብኣቶ ዓብዱልራሕማን ሰይድ ካብ ዓባይ ብሪጣንያ፤ ንኤርትራ ዝኸውን ምጣነ-ሃብታዊ ስርዓት ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ብብጻይ ሙሴ ሰመረ፤ ኣብ ኤርትራ ዝድለ ዘሎ ዕርቂ ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ድማ፡ ብብጻይ ኣሰፋው በርሀ 3 መጽናዕታት ንዓውደ ክትዕ ክቐርብ ኢዩ።